ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

# መግለጺ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)

## ንዝኽሪ ግዳያት ኤርትራውያን ፣ ኣብ ደሴት ላምፐዱዛ

03 **ጥቅምቲ** 2013 **ዓ.ም.**

ጥቅምቲ 03 ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ፈጺማ ዘይትርሳዕ ጸልማት ዕለት እያ ። ልዕሊ 365 ኤርትራውያን፡ ንማእከላይ ባሕሪ እናቘረጹ ፡ ኣብ'ታ ዝተሳፈሩላ ጀልባ ብዝተላዕለ ባርዕ ፡ ብነበልባል ሓውን ናብ ባሕሪ ብምጥሓልን ፡ ብቐጽበት ዝሃለቑላ ዕለት እያ ። በዚ ዘሕዝን መቕዘፍቲ'ዚ ድማ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ፡ መንግስታትን ማሕበረ-ሰብን ዓለም ፡ ኣብ ዓሚቕ ሓዘን ዝተሸመሙላ መራር ናይ ጸልማት ዕለትውን'ያ ። ብኣንጻሩ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ንዜጋታትና ኣፍልጦ ንዘይምሃብ ፡ 'ስደተኛታት ኣፍሪቃ' ብምባል ፡ ኤርትራውነቶም ዝሸሓዱላ ዕለት እያ ። ካብ ሰብኣውነት ንላዕሊ፡ ምስልን ፡ ክብሪ ስርዓቱ ምሕላው ዝዓጦ ጨካን ስርዓት ኢሳያስ-ህግደፍ ፡ ነቶም ኣብ ገዛእ ሃገሮም ሂወቶም ብሰላም ናይ ምምራሕን ሰሪሖም ናይ ምንባርን ዕድሎም ኣጸልሚቱ ፡ ሃጽ ኢሎም ክጠፍኡ ዘገደዶም ዜጋታት፡ ከም ኤርትራውያን ኣፍልጦ ክህቦም ፍቓደኛ ኣይነበረን ። ልዕሊ'ዚ ኣዝዩ ዝሸፍአ ድማ፡ ኣብ ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ቤተ-ሰብ ግዳያት ደማ ብፍላይ ፡ ዘይሓዊ ቁስሊ ዘዕረፈ ፡ ኣብ መሬት ዓዶም ሓመድ ድብ ዘለብሱሉ ዕድል ፈጺሙ ምንፋጉ እዩ ። ስለዝኾነ'ውን፡ ኣብ ዓዶም ብሂወት ናይ ምንባር ዕድል ዝተሓረሞም ወገናትና ፡ ብዘሰቅቕ ምስ ተቐዝፉ ድማ፡ ሓመድ ድብ ዓዶም ተኸልኪሎም ክሳብ ሕጂ ኣብ መሬት ዓዲ ጣልያን ኣብ ጊዝያዊ ጎዳጉዲ ክጸንሑ ግድን ኮይኑ ምህላዉ ዘደቅስ ኣይኮነን ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅልኡን ፡ ኣብ ናይ ልዕሊ 32 ዓመታት ኣገዛዝኣኡ ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ፡ ካብ ዘበነ ግዝኣት ባዕዲ ዝኸፍኡ ማእለያ ዘይብሎም ግፍዕታት ፡ በደላት ከውርድ ጸኒሑን ኣሎን ። እቲ ኣዝዩ ዝባኣሰ ድማ ፡ ኣብ ልዕሊ ሂወት ህዝብና ብሓፈሻ ፡ ኣብ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዑላውነትን ነጻነትን ሃገርና ክቋመር ዝጸንሐን ዘሎን ስርዓት ምዃኑ እዩ ።

ከም ሳዕቤኑ ፡ እቶም ውጻእ ማዓት ኮይኖም ፡ ምድረ በዳን ፥ ባሕርን ተሳጊሮም ፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ተዓቚቦም ዝጸንሑ መንእሰያትና ፡ ብሕራነ ተላዒሎም ፡ ነተን ናይ ጨካን ስርዓት ኢሳያስ-ህግደፍ ፡ ናይ ፋይናንስ ምንጪ ፣ ህዝባዊ ሰረቱ መደልደልን ዲፕሎማስያዊ ጽልዊኡ መስፍሒ ዝኾና ፌስቲቫላት ብምቕዋም፡ ከፍርሱወን ከሪሞም ኣለዉ ። ሓደ ካብቶም ጸረ ህግደፍ ወፍርታት መንእሰያት ኤርትራውያን ብርጌደ ንሓመዱ ፡ 'ወፍሪ ላምፐዱዛ' ኢሎም ምሰያሞም ፡ ታሪኻዊ ምኽንያት ዘለዎ እዩ ። እዞም ካብ ሃገሮም ተሰጒጎም ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝሃለቑ ወገናትና ፡ ብኸንቱ ተቐዚፎም ከምዘይተርፉ ፡ ኣስከሬኖም ድማ ፡ ኣብ መሬት ዓዶም ብኽብሪ ምዕራፉ ዘይተርፍ ናይ ግድን ምዃኑ ዘረጋግጽ እዩ ።

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)፡ ነዛ መራርን ጸልማትን ዕለት ጥቅምቲ 03 ምኽንያት ብምግባር ፥ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ፥ ንወለድን ቤተ-ሰብን ግዳያት ድማ ብፍላይ ፥ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይምነ ። ህዝብና፡ ኣብ ትሕቲ ኣገዛዝኣ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ-ህግደፍ ፥ ዘየቋርጽ ህልቂት ክወርዶ ጸኒሑን ይቕጽል ኣሎን ። እዚ ሕሱም ተርእዮ'ዚ ፥ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ከብቅዕ ኣለዎ ኢሉ ይኣምንን ይቃለስን ። ኤርትራ ብቅዋማዊ ስርዓት እትማሓደር ፥ ነጻነታን ልዑላውነታን ተዓቂቡ ፥ ህዝባ ክብሩ ተሓልዩ ፥ ብመንገዲ ሰላም ፣ ዲሞክራስን ልምዓትን ንቕድሚት ዘምርሽላ ሃገር ክትከውን ኣለዋ ኢሉ ይኣምንን ንተግባራውነቱ ይቃለስን ። ስለዚ ነዚ ብመንእሰያት ኤርትራውያን ብርጌድ ንሓመዱ ዝካየድ ዘሎ ፥ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ፡ ናብ ዝበረኸ ደረጃኡ ክሰጋር ደገፍና ነበርክት ። ኩሉ ዓቕምታትና ኣዋሃሂድና ፥ ንውልቀ-መላኺ ኢሳያስ-ህግደፍ ንምውጋድ ፥ ብትብዓትን ብተወፋይነትን ክንቃለስ ፥ ብምኽንያት ዕለተ ዝኽሪ ፥ ግዳያት ላምፐዱዛ ፥ ንመላእ ህዝብና ብሓፈሻ ፥ ንደለይቲ ለውጢ ድማ ብፍላይ መጸዋዕትኡ የማሓላልፍ ።

ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!

ፍትሒ ንግዳያት ላምፐዱዛን ስድራኦምን!

ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)፡

ጥቅምቲ 03-2023 ዓ.ም.